# ን16ን 17ን ዝዕድሚኦም ክታበት ክወሃቦም ዕድል ክረኽቡ መደብ ይሕንጸጽ ኣሎ

## ኩሎም ልዕሊ18 ዝዕድሚኦም ምሉእ ብምሉእ ምስ ተኸተቡ መንግስቲ ን16ን 17ን ዝዕድሚኦም ክታበት ንክኽተቡ ዕድል ክረኽቡ መደብ ይሕንጽጽ ኣሎ። ነዚ ዝምልከት ናይ መወዳእታ ውሳኔ ኣብ መስከረም ክውሰን እዩ።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኩሎም ልዕሊ18 ዝዕድሚኦም ምሉእ ክትበት ምስ ተኸተቡ ደቂ 16ን 17ን ዓመት ክታበት ኮሮና ክወስዱ ዕድል ክወሃቦም ምሕጽንታኦም ሂቦም ኣሎዉ። እዚ ኣብ ህሉው ሞያዊ ፍልጠት ዝተሞርኮሰ እዩ። ኣብ ዝመጽእ እዋን ካብ ንመንእሰያተን ዝኸትባ ዘለዋ ሃገራት ዝያዳ ኣፍልጦን ተመኩሮታትን ክንድልብ ኢና።

–ኣብ ኖርወይ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ክንከትብ ቅድሚ ምጅማርና ብዛዕባ እቲ ክታበት ዘለዎ ኣድማዕነትን ጐር-ሳዕቤናቱን ብዝተኻእለ መጠን ብርክት ዝበለ ኣፍልጦ ኢና ክንድልብ ኢዩ ድልየትና። ስለዚ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ክሳብ ንመስከረም ከም ብሓድሽ ገምጋም ዘካይዱ፡ መንግስቲ ብወገኑ ንደቂ 16ን 17ን ዝዕድሚኦም ከየኽተበ ክሳብ መወዳእታ ውሳኔኡ ዘሕለፍ ክጸንሕ እዩ ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

**ንኡሳን ዞባታት መደብ ክትበት ክናዋሕ ከምዝኽእል ነዳልወን ኣለና**
ህሉው መደብ ክትበት ኮሮና ን18 ዝዕድሚኦምን (2003 ዝተወልዱ) ልዕሊኡን ዘጠቓለለ እዩ። እቶም ከቢድ ሕማም ንክሕዞም ልዑል ተኽእሎ ዘለዎም ካብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 18 ዝርከቡ ሰባት'ውን ንክኽተቡ ዕድል ይወሃቦም እዩ። ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ መስከረም ሓድሽ ገምጋም ምስ ኣካየዱ ሓሳብ ገምጋሞም ከይቀየሩ እንተደኣ ተሪፎም ብዝለዓለ ተኽእሎ ደቂ 16ን 17ን ዓመት'ውን ኣብ መደብ ክትበት እቱዋት ክኾኑ'ዮም።

ኣብዚ ክሊ-ዕድመ ዘለው ሰባት ብመሰረት ትንቢታት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ቀልጢፉ ተባሂሉ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ እዮም ክኽተቡ ዝኽእሉ።

–ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ቀውዒ መደብ ክትበት ን16ን 17ን ዝዕድሚኦም ዘጠቓለለ ክኸውን ንንኡሳን ዞባታት ንክነዳልወን እዩ ድሌትና። ነዚ ክሊ-ዕድመ ክኸትባ ንኡሳን ዞባታት ንኽመዳደባ ግዜ ክድልየን እዩ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ተኸቲቦም ምስ ወድኡ መስርሕ መደብ ክትበት ክቕጽል ከምዝኾነ ምትንባህ ኣድላዪ እዩ ይብል ሀይየ።

ምስ እዞም ክሊ-ዕድመ እዚኦም ዝኸዱ ክታበታት-mRNA ፋይዘር/ባዮንተክ ጥራሕ ከም ምኺኖም ተቐባልነት ረኺቦም ኣለዉ።

**መዓልታዊ ህይወትና ንቡር እናኾነ ይመጽእ**

ኣብ ክሊ-ዕድመ 16-17 ዝርከቡ መንእሰያት ብኮቪድ-19 ከቢድ ሕማም ክሕዞም ዘሎ ተኽእሎ ትሑት እዩ። ንግዜኡ ዘለና ሓበሬታ ከምዘርእየና ፍኹስ ዝበለ ኮቪድ-19 እንተደኣ ሒዙካ ኣብ ናይ ነዊሕ ጠመተ ሳዕቤናት ከምጽኣልካ ዘሎ ተኽእሎታት ጸቢብ ከም ምዃኑ እዩ። ጎኒ ጎኑ ካብ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ከምዘርእየና ኣብ ክሊ-ዕድመ 16-19 ዝርከቡ ሰባት ካብ ካብኦም ዝንእሱ ቈልዑ ኮቪድ-19 ዝያዳ ከምዝርከበሎም እዩ። ኣብዚ ክሊ-ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት ምስ ካብኦም ዝንእሱ ቆልዑ ክነጻጸሩ ከለዉ ዝያዳ ሕዉሳትን ዝረኽቡዎም ሰባት ስለዝበዝሑን ክኸውን ይኽእል እዩ እቲ ምኽንያት። ኣብ ወቕቲ ቀውዕን ሓጋይን ለበዳ ከመይ ከኸውን ከምዝኾነን ለብዒ መንእሰያት ኣብ ብኩራት ቤት ትምህርትን ስጉምትታት ምክልኻል ለብዕን ዘሕድሮ ጽልዋታትን ኣብዚ ዘለናዮ እዋን እዚ ክንብሎ ኣይንኽእልን ኢና።

–ን16ን 17ን ዝዕድሚኦም ቈልዑ ወላ እኳ ኮቪድ-19 ከቢድ ሕማም ከኸትለሎም ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እንተኾነ ምስ ካብኦም ዝንእሱ ቈልዑ ብምንጽጻር ግን ንሳቶም ዝያዳ ተለከፍቲ ኢዮም፡ ከምኡ’ውን ኣብ እዋን ለበዳ ስጉምትታት ምክልኻል ለብዒ ከቢድ ተጽዕኖ እዩ ኰይኑዎም ጸኒሑን ዘሎን። ክታበት ክወስዱ ዘለዎ ኣሉታዊ ሸነኻት ምስ ስጉምትታት ምክልኻል ለብዒ ብምቕናሱ ናብ ንቡር መዓልታዊ ህይወቶም ክምለስሉ ዘኽእሎም ምዃኑ ኣመዛዚንካ ክነጻጸር ኣሎዎ ይብል ሀይየ።